# HMDE ሃማድኤ 08.03.2021

ኤረን ኣዴታት ንርስተን ዝዋደቓ
ንመሬተን ሂወተን ዘይበቐቓ
ብመስፈ ብበርበረ ዝመከታ
ዝሓዛ ሴፍ ምስ ዋልታ
ወርዊረን ብፍሑቕ ዝጭምታ

ንሓድሽ ወለዶ ኣሰረን ዝወረሳ
ሃማድኤ ተፈጢረን ካብኤን ዘይንእሳ
ንኤርትራ ስኒ ነኺሰን ዝቃለሳ
ሕሰማ ቃንዛኣ ምረታ ዝጻወራ
ዝጋደላ ሓንቲ ክንዲ ዕስራ
ሕቖ ህዝባዊ ግንባር ዘትረራ
ሂወተን ዝህባ ንኽብሪ ባንዴራ
ብፈታውን ጸላኢን ጀግንነተን ዘመስከራ

ስልማታ ዝኾና ክብረታ
ዕርዳ ዝኾና ሓለውታ
ሃነጽታ ዝኾና ነደቕታ
ጸሓያ ዝኾና መብራሂታ
ወርሓ ዝኾና መድመቒታ
ዝኽላኽላላ ካብ ወረርታ
ልባ ኮይንክን ትሕልዋ ሓድነታ
ሃማድኤ ኢኽንኮ ሰራሕቲ ዛንታ

ዕድመ ንሃማድኤ !!
ዓወት ንሓፋሽ !!

ተስፋይ ወልደጊዮርጊስ